## እምበር ጀግና ትግራዊ ታሪኽ ምስራሕ ዳ ኣምበር ታሪኽ ኣይፅሕፍን

ኣብ ድሮ ልደት ምስረታ 40 ዓመት ምጅማር ቃልሲ ህወሓት እንታብ ምስረታጀሚሩ መስተንገርቲ ዝሓዘ ጀግንነት ናይ 17 ዓመት መሪር ቃልሲ ዝተረኽበ ዓወት፣ኣብ ግዘ ሰላም ድማ ዝተመዝገበ ልምዓታትን ብቐፃልነት ዝሳለጥ ዘሎ ልምዓታዊ ንጥፈታት ተተርኢሱ ብዙሕ መግለፅታትን መረዳእታትን እንዳተፈነወን ፈነውኡ ብሓፋሽ መራኸቢ ሚድያ ይቕፅል ኣሎ።እዙይ ነቲ ክሳብ ሎሚ ብውልቅና ኣንዳተኻታተልና ፣ ኣንዳንበብናን ከምኡ ድማ ብሓፈሻዊ ፈነወ እንዳኻዕበትናዮ ዝፀናሕና ዛዕባን ፍልጠት ቃልሲ ህወሓት ብተወሳኺ ብኣደበቶም ብቐዳማይ ኢድ እንታብ ታሪኽ ሰራሕቲ ፥ ተጋደልቲ፣ወየንቲ፣ግደ ደቀንስትዮ ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ፣ብሓፈሽኡ ናይዚ ገድሊ እዙይ ኣካል ሕብረተሰብ ህዝቢ ትግራይ ክዋሃብ ዝቐነየን ዝዋሃብ ዘሎ ታራኽ ህወሓት ብብቕዓት ብፅንዓትን ብጀግንነት እንታብ ምስረታ ጀሚሩ ክሳብ ዓወት ምዕታር ዝተኻየደ መሪር ቃልሲ ከመይ ከምዝነበረ ተኻታተሊ ዝሃቡና መረዳእታን ፍልጠትን ቑምቀት ግንዛበን ፍልጠትን እንዳሃበና እዩ።ቃልሲ ህወሓት ተዓዋታይ ምኳኑ ዘረደኣካ ገና ካብ ኣጀማምርኡ ብእሽሉ ኣብ ባዶ ትሕዝትኡን ባዶ ፍልጠት ውትድርናን ፈላማይ ሜላዊ ፅንዓትን ስትራተጂ ኣውፂኡ ዝወሰዶ ናይ ሽረን ብኣውርኡ ድማ ናይ ቀዳማይ ናይ ኣኽሱም ኦፕሬሽን እዩ። እተፅግበካ ቅጫ ኣብ መቐሎኣ(መንጎኣ) ትፍለጥ ከምዝባሃል እቲ ሽው ዝተገብረ ኦፕሬሽን ዘግርም እዩ ነይሩ። እታ ሓንቲ ነዓይኒ ትረአ ዝነበረት ናይ ክሊኒክ ላንድሮቨር መኪና ኣብ ቁፅፅር ኣእትዮም ኣብ ሓደ ሰዓት ዘይመልእ ኩሉ ኦፕሬሽን ብዓወት ተዛዚሙ። ጎልጎል ሓፀቦ ዋላ ሓንቲ መኸወልታ ዘይብሉ ዘሓጀምዎ ገንዘብን ኣፅዋርን ሂዞም ናብ መረበቶም ሜዳ ብዓወት ተመሊሶም። እንታብኡ ጀሚሩ እቲ መሪር ቃልሲ ብብተራ ብትብዓት፣ ብፅንዓት፣ ብጀግንነት ብዓወት ዛዚሞሞ።

እቲ ሽው ኣብ መፈለምታ ግዘ እቲ ገና ናብ ገድሊ ዘይተበገሰ መንእሰይ እንታብ ዝኸነ ኣካል ዘየተዋሃቦ መምርሒ ባዕሉ ስርዒትን በብጉጅለ እንዳኾነ ፅንዓትን ምይይጥን የካይድ ነይሩ። ቅድሚ ሜዳ ምውፅኡ ገና ኣብ መረበቱ እንዳሃለወ ኣካላዊ ህንፀት፣ ሸግር ንምፅዋር ሳእኒ ዘይገበርካ ጥራሕ እግርኻ ብምኻድ ዓቢዩ ልምምድ ገይሩ እዩ ናብ ሜዳ ይፅመር ነይሩ።

እዙይ ነዚ ሓቢሩ ምስቲ ቃልሲ ዘዓበየ ትውልዲ እንታበይ ተበጊሱ እቲ ዝነበረ ዓቕምን ትሕዝቶን እንታብ ባዶ ተበጊሱ ኣብዚ ደረጃ ምብፅሑ ምስቲ ቃልሲ ሓቢሩ ዘዓበየ ፤ መሪር ቃልሲ ምንባሩ ፣ 60000 መስዋእቲ ልዕሊ 100000 ኣካለ ጉዳኣትን ስነኣእምራዊ በሰላ ዝገደፈ መሪር ቃልሲ ምንባሩ ዝስሕቶ ኣይኮነን። ብፍላይ ነቲ ሓዱሽ ወለዶ ግዳ ብዝበልፅ ኣብዩ ኣስተምህሮ እዩ።

ፀላኢ ዝነበሮን ዘዋፍሮ ዝነበረ ኣፅዋርን ናይ ተዋጋይ ሓይሊ ወታደር በዝሒ እንታብ ማእኸል ዓዲ ናብ ትግራይ እንትጓዝ ሪኢኻ እንኳን ዶ ሰብን እንስሳን ኦምን ኽትርፍ እቲጎቦታት እውን ሜዳ ክገብሮ እዩ ዝመስለካ። ቀዳማይ ካልኣይ ግብር ሓይሊ..... ወዘተ ቀይሕ ኮኾብ እንዳበለ እዩ ብዝተፈላለየ መፋራርሒ ብዙሕ ኣስማት ይህቦ ነይሩ። ብኣንፃሩ ዕጥቅን ስንቅን ዘይነበሮ ህወሓት „ ዕርድና ጎቦታት ዓድና፤ ዕጥቅና እንታብ ፀላእትና „ ዝብል ጭርሖ ሒዙ ዕጥቁ እንታብ ፀላእቱ። ስንቁ ድማ እንታብ ፀላእቱን ሓፋሽ ህዝቢ እዩ ነይሩ።

እዙይ ጥራሕ ኣይኮነን ፀላኢ ኣብ ንሱ ዝዋዓሎ ኮነ ኢሉ ከም ለበዳ ኣልማሚት ቁሸታት እንዳቃፀለ፤ ኣብኡ ዝረኽቦም ቆልዓ ሰበይቲ ኣረጋውያን ድንጋፀ ዘይብሉ ዝፈፀሞ ቅትላት ውሑድ ኣይኮነን ። ቁሸታት ብጀምላ ነዲዱ ንብረቱ በሪሱ እንታብ መረበቱ ተነቒሉ ንስደት ተዳሪጉ እዩ። እዙይ ጥራሕ ኣይኮነን ቁፅሪ ዘይብሉ ብዝተፈላለየ ኢዋን ናይ ኣየር ደብዳብ ኣካይዱ እዩ። ከም ኣብነት ብቐዳምነት ስጥቀስ ደብዳብ ኸተማ ሓውዜን እዩ። ህዝቢ ኣብ ዕዳግኡ እንዳሃለወ ሓዳሻብ ጥራሕ ዘይኮነስ ዝተፈጠረት ናይ ወዲሰብ ሂወት ከይትተርፍ ኮነ ኢሉ ተመላሊሱ ዝገበሮ ናይ ኣየር ደብዳብ ኣሽሓት ናይ ሰብ ሂወት ከምዘይተፈጠረ ገይርዎ እዩ። እዙይ እንታፍቲ ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ዓለም ኣብዘሓለፈን ኣብዚ ናይ ሎሚ ትውልዲ እዙይ ዝተገብረ ናይ ስቪል ደቫደባት ሓደን ብቐዳማይ ደረጃ ክስራዕ ዝግቦኦ እዩ።ኮይኑ እውን ኣብዙይ ዝባሃል ናይ ዓለም መዛግብቲ ዘይተመዝገበን እዙይ ተባሂሉ ብሑቡራት መንግስታት ብዕሊ ዘይተኾነነ ፀሊም ናይ ኣምባገነን ጨካን ኢሰብኣዊ መንግስቲ ደርጊ ፀሊም ታሪኽ እዩ።

ተፈጥሮ ኣቐዲምካ ትካላኽሎ ዳኣ እምበር ኣይትስዕሮን ኢኻ። ምክልኻል ዝካኣል ምኻኑ ብተግባር በቲ ዝግበር ዘሎ ልምዓታዊ ፍርያትን ተፈጥራዊ ሓምላዋይ ስርሒታትን ሎሚ ብተግባር ንሪአ ኣሎና። ተፈጥሮ ኣይበድልካ ከም ፀላኢ ክትምክቶ ዘይትኽእል ክፉእ ድርቂ ናይ 77 ዓም ፤ ነቲ ገድሊ ኣብዩ ደውታ እዩ ኮይንዎ። ናይ ሰብ ሂወት ስለዝቕድም ህወሓት ኩሉ ገዲፉ ብቐዳምነት ጎኒ ጎኒ ቃልሲ ናብ ሂወት ኣድሕን ወፍሪ እዩ ተዋፊሩ። በኣፃሩ ጨካን ደርጊ እዚ ዕድል ተጠቒሙ „ ዓሳ ንምጥፋእ እቲ ባሕሪ ምፅንቃቕ “ ዝብል ጭርሖ ወሲዱ ህዝቢ ካብ መረበቱ እንዳነቐለ ናብ ሰፍራ ኣንዳበለ ኣብ ዘይፈልጦ ከባብን ጫካን ደርቢዩ ኣደዳ ኣራዊት፣ ሕማምን ሞትን ገይሩዎ እዩ። ግዳስ ሳላ ገድሊ ናብ ሓገዝ ዝረኽበሉ ጎርበት ዓዲ ተጓዓዒዙ ሂወቱ ኣድሒኑ እዩ። ኮይኑ እውን እዚ ምስኪን መከራ ረኻቢ ህዝቢ ኣብ መንገዲ ብፅምእን ጥምየትን እቲ ዝኸፍአ ድማ ብጫካን ደርጊ ደብዳብ ኣብ መንገዲ ሂወቱ ዝሰኣነ ብዙሕ እዩ።

መሪር ቃልሲ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይ ኣቲ ዝኸፈሎ መስዋእትን ዝበፅሖ ምጉድል ኣካላትን ስነ ኣእምራዊ በሰላ፣ ዝባደመን ዝበረሰ ቁሸታትን ኸተማታት፣ ዝጠፍአ ንብረትን፣ እንታብ መረበቱ ተፋናቒሉ ንሽግር፣ሕማምን ሞትን ዝተዳረገ ህዝቢ ማእላያ የብሉን።

ድርቂ ዘስዐቦ ህልቀት እውን እዙይ ኢልካ ክትገልፆ ኣሸጋሪ እዩ። ኩሉ ተደማሚሩ በዙይ ብዘይ ምስኳንን ብዘይሰጋእታ ብሕራነ፣ ብብቕዓት፣ትብዓት፣ብብልሃት፣ ትግሃትን ብቐፃልነት ብጀግንነት ዝገበሮ መሪር ቃልሲ ብዓወት ዛዚሙ፤ ነቲ ደርባዊ ጭቆና ዝነበሮ ህዝቢ ትግራይ ሓራ ኣውፂኡ ብቐፃልነት ባሓፈሹኡ ምስ ማሐዙ ውዱባት ኢትዮጵያ ዝፈጠሮ ውድብ ኢሕወዴግ ኮይኑ ዓወት ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣበርኪቱ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ኢትዮጵያን ናይ ጭቆና ዓርዑት ኣውሪዱ ፍረ ፅምኣቱ ዴሞክራሲ ሰላም ኣብ ኢዱ ዓትቲሩ ሎሚ ፍርያት ናይዙይ ዝኾነ ምዕራፍ ልምዓት ብብዙሕ መዳያት ይጥቀም ኣሎ፤ ነኣብነት ንምጥቃስ፥

- ትግራዋይን ካልኦት ብሄራትን ብሄረሰባት ማዓርነት ሲኢኖም ክም ካልኣይ ዜጋ ዝነብሩላ ዝነበሩ ዓዲ ዘይኮነትስ ሎሚ ናይ ኩሉ ብሄርን ብሄረሰባት ማዕርነትን መሰልን ተሓልዩ ብቋንቆም ዝዛረብሉ፣ ዝማሃርሉ፤ ባህሎምን ቋንቋኦም ዘማዕብሉሉ ዕድል ተዘርጊሑ፤ ብቛንቆም ዝዳንዩሉ፣ ከባቢኦም በዓልቶም  ዘማሓዳዱሩሉን መሰርተ ልምዓት ዝርገሐ ዘካይድሉ ባይታ እዩ ተፈጢሩሎም።
- መሰረተ ልምዓት ናይ ትምህርቲ ካብ ቀዳማይ ደርጃ ጀሚርካ ክሳብ ላዕለዋይ ዩንቨርስታት፣ ሓለዋ ጥዕና እንታብ ኬላ ጥዕና ጀሚርካ ክሳብ ላዕለዋይ ቤት ሕክምና፣መንገዲ እንታብ ካብ ናይ ገፀር መንገዲ ጀሚርካ ክሳብ ደረጃኡ ዘሓለወ ባዓል ሽዱሽተ መስመር ኣውራጐደናን ናይ ባቡር መስመራትን፣ናይ መብራህቲ ኣቕርቦት እንታብ ዝተፈላለየ ናይ ሓይሊ ፍልፍላት ፥ ናይ ማይ፣ ንፋስ ንወትሩ ድማ ናይ መሬት ሙቐት ሓይልን ባዮሎጅካል ጋዝ ..... ወዘተ፤ ናይ ዝስተ ማይ መስኖ ማይ ቀርብ ፥ እንታብ ከርሰ መሬትን ግድባትን፣ ናይ መራኸቢ ናይ መስመርን ተንቃሳቓስን ስልኪ ኢንተርነት ኣቕርቦት ብሰፊሑ ተዘርጊሑሉ ናቱ ተጠቃማይ ኮይኑ እዩ።
- ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ቁጠባዊ ኣዕቢዩን ኣኻዕቢቱን ናይ ምምራፅን ተመራፃይን መሰሉ ተሓልዩሉ መራፃይን ተመራፅይን ኮይኑ እዩ። ማሕበራዊ ናብርኡ ተማሓይሹ ቁጠባዊ ትሕህትኡ ደልዲሉን ሰሲኑን ሎሚ ወናኒ ዓበይትን ማእኸላይ ናእሽቱ ትካላትን ፣ ንብረትን ተንቃሳቓሲ ገንዘብ ወናኒ ኮይኑ ናብርኡ ብዝበለፀ ይመርሕ ኣሎ።
- ድርብ ውፅዓ ደቂ ኣንስትዮ ተቐንጢጡ ብቓልሰን መሰለን ኣኽቢረን ሎሚ ኣብ ኩሉ መዳያት ፆታዊ ዘይደረተን ተዋሳእትን ተጠቀምትን ኮይነን ኣለዋ።
- ናይ ሃይማኖት እምነቱ ብማዕረ ተሓልይሉ፤ እምነቱ ተኻባቢሩ ብዘይ ኣፈላላይ የካይድ ኣሎ።
- ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ ሰላምን ዴሞክራስን ዓሲሉ ተሸቑሪርካን ተሰኪፍካን ብፍርሓት ትነብርላ ዓዲ ዘይኮነትስ ብሰላምን ዲሞክራሲ መሰልካ ተኸቢሩ ከምድልየትካ ኣንዳዕዲዕኻ ትነብረላ ዓዲ እያ ኮይና።
- ልምዓትን ዕብየትን ሎሚ ፍረ ናይቲ ቃልሲ፤ ዝተመዝገበን ዝረአ ዘሎ እንታብ ንእሽተይ ክሳብ ዓበይቲ ፕሮጀክታት ዝስርሑን ኣብ ፅንዓት ዝነህዉ ፕሮጀክትታት እዮም። ቀፃላዊ ዕብየት ዓዲ ብኽልተ ኣሃዝ ብዘይ ምቁራፅ ይረአ ኣሎ። ሎሚ ኢትዮጵያ ሓንቲ ካፍተን ዝበለፀ ዕብየት ዘርእያ ዘሎዋ ናይ ዓለምና ዓድታት ሓንቲ ኮይና ተሰሪዓ ትርከብ ኣላ።
- ፍትሕን ሰናይ ምምሕዳርን ብዙሕ ናይ እዙይ ተጠቃሚ እንተኾነ እኳ ኣብዙይ ዘሎ ክፍተትን ግዕይዝይና ንምቅላስን ንምጥፋእን ዓብዪ ትኹረት ቆላሕታ ተዋሂብዎ ዓቢዩ ወፍሪ ዘድልዮ እዩ። ሰናይ ምሕደራ ጉድለትን ግዕዝይና ዓበይቲ ጎዳእቲ ሕብረተሰብን ዓበይቲ ማሕለኻ ከይዲ ልምዓት እዮም። ነንሕድሕድ ዜጋ ከቃለያምን ክቃለሶምን ኣሎዎ።

እዚ ኹሉ ክመይ ገይሩ ክምዝመፅአ እታብ መፈለምታ ጀሚሩ እቶም ሰራሕቲ ታሪኽ ጀጋኑ እዮም ከዝትውልናን፣ ከዝኩሩናን ከምሁሩናን ዝኽእሉ። እዚ ኹሉ መስተንግራዊ ዘድንቕ ታሪኽ ሰሪሕካን ሒዝካን ክሳብ ሎሚ ስለምታይ ዘየተፃሕፈን ዘየተሰነደን ጥምር ዝበለ ደኩሜንታዊ ፊልሚ ዘይተሰርሐ ምፅንሑ ንኹላትና ኣብ ዓቢዩ ሕቶ ዘኣቱ እዩ። ኩላትና ከምንፈልጦ ብግዚኡ ዘይተፃሕፈ፣ ዘይተሰነደን ፍልሚ ዘተይተቀረፀ ተረሳዓይ እዩ። ኣብ ድሮ መበል 40 ዓመት ልደት ምጅማር ቃልሲ ህወሓት ኣመልከቶም ኣብ ፈላመይቲ ሽግ ዝተወለዐትላ ደደቢትን ካልኦት መዋፈሪ፣ ዕርድታት፣ዝተኻየደሎም ጉባኤታት፣ ካልኦት ሓድግታት .... ወዘተ ናይ ኢትዮጵይ ኪነጥበባውያን፣ኣርቲስቲ፣ ፀሓፍትን ካልኦትን ኣብዝገበርዎ ዑደት እዚ ጉዳይ ኣብዪ መዘራረቢ ኣርእስቲ ኮይኑ እዩ።

ሎሚ እውን ማይ ኣይሓለፎን ታሪኽ ምስራኽ ዘይኮነስ እቲ ናይቲ ጀግንነት ታሪኽ ብግቡኡ በብኢዋኑ በብቦትኡ ዝተሰርሐ መስተንግራዊ ጀግንነት ብሰርሕቲ  ታሪኽ ተኣኪቡ ክፃሓፍ፣ ክስነድ ፍልሚ ክቐረፅ ኣሎዎ። እዙይ ድማ ናይ ውልቀ ሂወት ታሪኽ ስለዘይኮነ ጥምር ኣቢልካ ክፃሓፍን ክስነድን ፊልሚ ተቐሪፁ ክዕቀብ ኣሎዎ። እቲ ታሪኽ ሰፊሕን ብዙሕን ስለዝኾነ እንታብ ባሕሪ ማይ ጨንቕኒዕኻ ምውፃእ ከይኸውን በብምዕራፉ ኩሉ ተኣኪቡ መጀመርያ ክቐርብ ኣሎዎ። እዙይ ብዘምፀአልካ ምፅሓፍ ዘይኮነስ ማእኸላዊ ዓቢዪ ፅንዓት ወሲድካን ኣኪብካን ክፃሓፍ ዘለዎ ኡዩ። እዙይ ነዚ ሓዱሽ ወለዶን ሰዓባይን መምህርን እቲ ተዓቲሩ ዝነሀ ዓወት ፣ ዝረአ ዘሎ ሰላም፣ ዲሞክራሲን ልምዓት ብውርሲ ወሃባይን ተቐባላይን ዘይኮነስ ብመሪር ቃልስን መስዋእትን ዝተረኸበ ምዃኑ ብፍላይ ናይዚ ፍረታት ተጠቃማይ ሓዱሽን ቀፃላይ ወለዶ መንእሰይ ኣፀቢቑ ተረዲኡ ንወትሩ ናይዙይ ሓላዋይን ብቐፃልንት ብዋናነት ሓላፍነት ተረኪቡ ኣብዝላዓለ ደረጃ ንምብፃሕ ዉፉይ ክኸውን ኣሎዎ።

ንሱ ኮይኑ ውድባዊ ወታደራዊ ምስጢር ዶክትሪን ከምዘተዓቀበ ኮይኑ እቲ ሓፈሻዊ ከይዲ ቃልሲ እንታባና ሓሊፉ ንካልኦት ቃልሶም ጀሚሮም ፤ ተጓፂፁ ዝቐረዮም ሃገራት መምህሪ ከኸውን ይኽእል እዩ። ሰኣን ህዝባዊ ቁኑዕ ኣማራርሓ ብዙሓት ኣብ ዓለምና ቃልሲ ጀሚሮም ዝተጓዕፀዖም ከይዶም ከይዶም እውን እንታብ ኢዶም ዝተመንጠሉ ቃልስታት ዓለምና ብዙሓት እዮም። ሕዚ እውን ተረካቢ ወለዶ እዚ ሓላፍነት ወሲዱ ናይ ኣያታቱ ጀግንነት ከዐብር የብሉን ንሱ እውን ተወሳኺ ሓዱሽ ታሪኽ ሰሪሑ ንቐፃሊ ወለዶ ከርክብ ኣሎዎ።

ናይ ደርጊ ግፍዒ እንታብ ኣልዐልኩ ቁሩብ ንእሽተይ ኣብነታዊ ስእሊ ማእኸል ዓዲ ዝነበረ ክጠቅስ እፈቱ፤ ደርጊ ብዘይ እቶም ምስኡ ከም ቁርዲድ ተለጢፎም ፣ ስድራ ሰባሳብሱን መንእሰይ፣ ምሁር ኣክልን ካሊእ ሕብረተሰብ ዝኣስሩን ዝቐትሉ ዝነበሩ ካድሬታት እንተዘይኮይኖም፤ ንዓዓቶም እውን እንተኾነ „ ዓንፃዓፀ ንማዕዖ „ ከምዝባሃል ዕንወት ኣብዝረኸበሉ ኢዋን ብብሓደ ዳርጋ ኣሪዎም እዩ። ብደርጊ ዓይኒ ኩሉ መንእሰይ ብጅምላ ፀረ ደርግን ስርዓቱን እዩ ነይሩ ፤ ድማ ሓቂ እዩ ፤ ንጨካን ጨቋኒ ፋሽሽታዊ ስርዓት ብዘይ ባዕሉን ሰዓብቱን ሕሊና ዘለዎ ሰብ ተገዲዱ እንተዘይኮይኑ ንውዑ ዝድግፍ ሕብረተሰብ ኣይነበረን። ንኹሉ መንእሰይ ከም መኪና ሰሌዳ ለጢፍሉ ኣዩ ነይሩ። ትግርኛ ተዛራቢ ኹሉ ተገንጣይ ( ተገንፃሊ ) ፣ ኢሕኣፓ ዝቐረየ ንቑሩብ ግዘ መኢሶን ...ወዘተ ኢሉ እዩ ሰይምዎ ነይሩ። መኢሶን ገስጋሲ ፓርቲ እየ ኢሉ ተላዒሉ ግዘ ዘይወሰደ ምስ ደርጊ ተለጢፉ ኣብቲ ግዘ ቀይሕ ራዕዲ ቀዳማይ ተዋሳኣይ የማናይ ኢድ ደርጊ እዩ ነይሩ። ብዙሕ ኣይፀንሐን ንውዑ እውን ኣይኣመኖን ክሳብ ደርጊ ናቱ ፓርቲ ዘቋቑም „ ሰደድ“ „እጫት“ ዝባሃል እንታይ ምኻኑ ዘይርደአካ ንኽትፅወዖ ዘስሽግር ፓሪቲ ኢሉ ፈጢሩ ደሓር ክሳብ እለተ ሞቱ ናይ ኩሉ ፅማቕ „ ኢሰፓ „ ኢሉ ዝሰየሞ ፓርቲ እዩ ነይሩ። መኢሶን ንመሳጋገሪ ጥራሕ እዩ ተጠቒሙሉ ንውዑ እውን ፅንሕ ኢሉ ወቒዕዎ እዩ።

እዙይ ከምዙይ ኮይኑ እቲ ቀይሕ ራዕዲ ዝባሃል ቅትላትን፣ ንኽትዛረቦ ዘስገንግነካ ኣፀያፊ ፣ቀቲልካ ኣብ መንገዲ ምዝርጋሕ፣ ሬሳ ምጉታትን ናይ መቕተሊ ዋጋ ምሕታትን ወለዲ ሬሳ ውላዶም ከይቐብሩ ተኸልኪሎም ኣክንዱኡ በስገዳድ ንዑ ረአዩ ተባሂሎም እዮም ። ካልኦት መንእሰያት ሬሳ ክቢቦም ከምዝጭፍሩ ተገይሩ እዩ። እቲ ከይዲ ቀይሕ ራዕዲ ናይ ኩሉ ከተማታት ኢትዮጵያ ተመሳሳሊ ኮይኑ ብፍላይ ኣፍተን ዓበይቲ ከተማታት ኢትዮጵያ ዝኸፍአ እዩ ነይሩ። መንእሰይን ምሁርን ካሊእ ሕብረተሰብ ኣካል እንታብ ገዝኡ፣ ቤት ትምህርቱ ፣ ተቛማት ፣ ኮልጃት ፣ዩንቨርስቲን ስርሑን እንዳተወሰድ እዩ ኣብ ቤት ማሰርቲ ይካዘን ነይሩ። እቲ ቤት ማእሰርትታት መሊኡ ኣብዝኣስሮ ቦታ እዩ ጨኒቕዎ ነይሩ። እዙይ ዝምልከት ንእሽተይ ኣብነታዊ ስእሊ ትኸውን ንሕና ዝነበርናሉ ክጠቅስ እፈቱ። ምስቲ መደበኛን ካልኦት ቤት ማእሰርቲ እንትናፃፀር ናትና ብዘይ ኣጋግዘ ዓሰርተ ሰባት እንዳሓዘት ትኸይድ ዝነገረት ወረቐት እቲ ኣወኡ ዝነበረ ሕማቕ ኩነንታት እንተዘይኮይኑ ፤ እንታብ ካሊእ ዝሓሸ እዩ ነይሩ ክባህል ይካኣል። ከምቲ ኣብ ካልኦት ምስጢር ኣውፅእ ተባሂልካ ብብሓደ ትግረፈሉን ትሳቐየሉን ኣይነበረን። እስራቱ እውን ክሳብ ቀበሌ ዝማቓቐላና ሓፂር እስራት እዩ ነይሩ። ኣብ ካልኦት ክሳብ ቀይሕ ራዕዲ ዝካየዶም ዘስካሕክሕ ስቅያትን መግረፍቲ እዩ ዝክየድ ነይሩ። ኣብ ኢድ ደርጊ ከየኣትዉ ብዝተፈላለየ መንገዲ ነብሶም ባዓልቶም ዘሕለፎ ውሑዳት ኣይኮኑን። ነኣብነት እንታብ ነዊሕ ደብሪ ፀዲፎም ነፍሶም ኣሕሊፎም እዮም።

ደርጊ ነቲ ዕላምኡ ሒዙ ዝዋገኦ ጥራሕ ኣይኮነን ዝዋጋእን ዘጥፍእን ነይሩ፤ ነቲ ኣማሓድረካ ኣሎኹ ዝብሎ መንእሰይን ካልእ ሕብረተሰብን ከም ከፍቲ እንዳኾብኮበ ወይ ድማ ከም ኣቕሓ እንዳፃዓነ እዩ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ካዚንዎ። እቲ ግፍዕታት ዝተገብረ ብዙሕ ስለዝነበረ ጥራሕ እንታፍቲ ብሂወት ዘሎ ውልቀሰብ ኣኪብካ እዩ ክፃሓፍ ዝካኣል። ከምቲ ልዕል ኢለ ዝጠቐስኩዎ ጥራሕ ኣብነታዊ ናትና ንእሽተይ ስእሊ ክጠቕሰልኩም። እንታፍቶም እቲ ዝኸፍአ ግፍዒ ፈፀምቲ ናይ ዓለምና ባዓል ሂትለር ሞሶሎኒ ፤ ጨካናት ኣምባገነን ገዛእቲ ደርጊ እውን ምስኣቶም ዳርጋ ዝስራዕ እዩ ነይሩ። ኣፉላላዩ ንሳቶም ንኻሊእ ዜጋታት ግፍዒ እንትፍፅሙ ደርጊ ግዳ ኣብ ናቱ ዜጋታት እዩ ግፍዒ የካይድ ነይሩ።

ኣዲስ ኣበባ ዩንቨርስቲ ዓብዪ ምንቅስቓስ ዝሰለዝነረ፤ ብቐዳማይ ዓይኒ ይረአ ስለዝነበረ። እቲ ናይ ኣዲስኣበባ ዩንቨርስቲ ዕድል ገዲፈ እቲ ሽዑ ኮለጅ ዝነበሮ ክፍለሃገር ብሰላም ኣበኡንምምሃር ወሰንኩ። „ ዝብኢ ፈሪሐ ናብ ኦም እንተተሰቐልኩ ኣብኡ ነብሪ ፀንሐኒ ከምዝባሃል“። እንታፍቲ ዝነበርናዮ ኮለጅ ኣብዘይ ንፈልጦ ኣበሳ ናብ ቤት ምእሰርቲ ዳጉነና፤ እንታፍቲ ተኣሳራይ በዝሒ ዘኣክል ቤት ማእሰርቲ ሞሊኡስ ቀደም ናይ ጥልያን ጓሓፍ መሊኡ ዝነበረ ክልተ ቅድሚትን ድሕሪትን ክልተ ኣዳራሽ ዝነበሮ ዓቢዪ መኻዚኖ ይመስለኒ ብጊሪደር ተጋሒጡ እዩ እቲ ኣብኡ መሊኡ ዝነበረ ጓሓፍ ወፂኡ፤ እዚ ኹሉ መንእሰይ ኣብኡ እዩ ተኻዚኑ። እንታፍቲ መንእሰይ በዝሒ ዘኣክል ፣ ናይቲ መሬት ራህዲ፣ ሃፈፅታን ፅቕቕጥን ኣስተርሒኽ ነብስኻ እተውድቐሉ ቦታ እኹል ኣይነበረን። እቲ ዝኸፍአ መጀመርያ ንተወሰነ ማዓልቲ እንታይ ምኻና ኣይፈለጥናያን ነይርና፤ ደሓር ኢና ፈልጥናያ ፣ ሰዓታ ተኽብር ኣጋግዘ ልክዕ ሰዓት ll እንታብ ዓሰርተ ሹም ዝርዝር ዘተብዝሕ ዘይተውሕድ ወረቐት ደሓር እኳ ስኮላርሽፕ ዝብል ሽም ኣውፂእናላ። ስራሓ ግዳ ናይ ቅትላት ወረቐት ቀይሕ ራዕዲ ዝተፈፆሞም ወረቐት እያ ነይራ። ቁሩብ እቲ ፀሓፊ ኢድ መሪሑዎ እታ ሽምካ ኣብኣ እንተኣትዩካ ኣኺሉካ እዩ፤ ናይ ወዲሰብ ሂወት ብቐሊሉ ከምዙይ እያ ትጥፍእ ነይራ። ብድሕሪ እተወሰነ ማዓልትታት እቲ ኣዳራሽ ቁርብ ዝጎደለ ምንባሩ የሪደአካ፤ ምኽንያቱም እቱ ቦታ እንዳገፍሐ ከይዱ። እታ ወረቐት ምስከደት ንግዚኡ ክሳብ ንፅባሒቱ ትመፅእ፤ እፉ ኢልካ ኢኻ ተትንፍስ፤ ብድሕሪኣኡ ናይ ሽንቲ ተራ ቃልሲ እዩ ፤ ሓንቲ ሰዓት ጥራሕ እያ ጥፍቀደልካ ተራ እንተበፂሑካ ዓብዪ ዕድል እዩ ። እንተዘይኣለ ኣኺሉካ እዩ። ግዳስ ትዳናጋገፅ ኢኻ እንተሒሙካን ብጥዕሚ እንተተጨንቕካ የሕልፉኻ እዮም።

ቀይሕ ራዕዶም ምስወድኡ፤ እተም ቀበሌታት ተማቓቒለናና ፤ ኣብኡ ጐይታና ንቕሓት ዝብሉዎ ናይ ኣምገነን ስርዓት ደርጊ ክሳብ እዝንኻ ዝፅምም እንዳሰምዕኻን „ ይውደም „ እንዳበልካ ፈቲኻ ፀሊእኻ አንዳኾነንካ ኢኻ ትውዕል። ምግብን መስተን እውን እንታፍቲ ኮለጅ ከምታካፊተርያና ብመኪና እንዳተፃዕነ ይመፅአልና ነይሩ። ብድሕሪኡ ኣብ ኩሉ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስን ትግሃትን ኣይርከብን ኢልካ ብሂወትካ ፈሪምካ ኢኻ ትወፅእ። ብድሕሪኡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ እንዳሃለኻ ዘሓለፍካ ለክቸርን ፍልጠትን ክተማልእ ቀሊል ኣይነበረን። ኣብርእሲኡ ብስግኣት ኢኻ ትማሃር፤ ክይኑ ድማ ብሕራነ ፅቡቕ ነጥቢ ንምምፅእ ኢኻ ትፅዕር። ትምህርቲ ወዲእኻ ፅቡቕ ስራሕን ሓላፍነት ሒዝካ ኩልሻብ እቲ ስርዓት ደርጊ እፎይ ኢልካ ትሰርሖሉ ኩነታት ስለይዘነበረ ፤ በቲ ዝተረኸበ ዕድል ብትምህርቲ ናብ ወፃኢ ምውፃእ እዩ ሽዑ መማረፂ ነይሩ። ሎሚ ዓለም ብጣዕሚ እያ ተቓሪባ ፣ እንታብ ዝኾነ ኩርናዕ ዓለም ንጉሆ ተላዒልካ ምሸት አንተነዊሑ እውን ምስምቅይያር ኣየር ንፅባሒቱ ኢኻ ኣብዝኾነ ክፍሊ ዓለምና ኢኻ ትራኸብን ኣብዝደለይካዮ እተኣቱ። ሽዑ ግዳ መንእሰይ ኮንይካ ሰተት ኢልካ ትግራይ ዘይተኣትወሉ፤ ካልእ ይትረፍ ብፍላይ ማእኸላይ ትግራይ እንታብ ብዘት እንትጬ ( ናይ ሎሚ መፀዊዒው „ ወረዕለኸ „ እርግፀኛ ኣይኮንኩን ዓድዋ ፣ ኣኽሱም ክሳብ ሽረ ዳርጋ ንዓመታት ከምድልየትካ ዘይትንቃሳቐሰሉ ዳርጋ ዕፅው እዩ ነይሩ ምባል ይካኣል። ካልእ ይትረፍ ስድራኻ እኳ ዘይትጥይቐሉ መገዛእ ዓድኻ ተፈላሊኻ እትነብረሉ ግዘ እዩ ነይሩ።

እዚ ኹሉ ኣብዙይ ዝጥቀስን ዝተሓሓዝ ኣይኮነን ግዳስ ነቲ ዝኒህ ሓዱሽ ወለዶ ህወሓት እንታብዚ ኣርሜነ ጨካን ኣምባገነን ሓራድን ቆራፅን መንግስቲ ደርጊ ሓራ ዘውፅኣና ውድብ ምዃኑ ንምሕባር ዘኣክል እዩ።

ቀፃሊ ወለዶ እዚ ሓላፍነት ተረኪቡ ናይ ኣየታቱ ጀግንነት ከዐብር የብሉን።

ኽብርን ሞገስን ንስዋኣትና

ጥዓናን ዕድመን ንሰራሕቲ ታሪኽ ጀጋኑ

ድሙቑ ፣ ዕንቡብ፤ ሰናይ በዓል ልደት 40 ዓመት ምጅማር ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ

መቕረቢ ዶ/ር ተኸስተ ዮሴፍ